ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን እንዳባጉና ኣብ 2011 ዓ/ም በጀት ዓመት ብመንግስቲ ዝተመደበ መደበኛ በጀት ንዝተፈላለዩ ኣገልግሎት ዝውዕሉ መሳርሕታት ፅሕፈትን ህንፃን መሳርሕታት ፅሬት/ሳኒተሪ/ ኢንስታሌሽን ከምኡውን ኣቕሑት ኤሌክትሪክን ኤሌክትሮኒክስን ብ2ይ ዙር ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ፤

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጥሪ 18, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዐፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 4, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.0
- ቦታ:እንዳባ ጉና
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 4, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ናይዚ ዘበን ግበሪ ክፊሉ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ

2 ኣብ መቕረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገበን ናይዚ ዘበን ዘሐደሰ መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግበሪ ዘለዎ

3 ኣብ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝተመዝገበ ናይ ወርሒ ታሕሳስ 2011 ዓ/ም ሒሳብ ዘወራረድሉ መረዳእታ ከቕርበ ዝክእል

4 ዝተማለአ ሰነድ ጨረታ ዋና ናይ ተደለይቲ ረቆሒ ቅዳሕን ብፖስታ ዓሺጉ ከቕርብ ዝክእል፤

5 ኣብ እዋን ምክፋት ጨረታ ድማ ኩሉም ዋና ሰነዳት ሒዝኩም ብምምፃእ ክተርእዩ እትክእሉ፤

6 ኣብ እትመልእዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ዘይምግባር ኣብዘይ ዘፈርኩም ዘይምውድዳር፤

7 ብዝተነፀረ ስፔስፊኬሽን ማለት እዉን መዓቀኒ ዝርዝር ረቆሒ ፅሪየቱ መሰረት ክተቕርቡ እትክእሉ፤

8 ዋና ማለት እዉን ኦርጅናል ዝብል መግለፂ ኣብ ዝተዉሃቦም ኣቕሑት እቲ ኮሌጅ ፅርቶም ዝኣመነሎም ኣቕሑት ጥራሕ ክተቕርቡ እትክእሉ፤

9 ተጫረቲ ቅድም ጨረታ ምክፋቱ መከበሪ ጨረታ ንነብስወከፍ 3000.00 ቅርሺ ብስፒኦ ወይ ብቕርሺ ክተትሕዙ ኣለኩም፤

10 ተጫረቲ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚርኩም ንነብስወከፍ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ 50.00 ቅርሺ እናከፈልኩም ኩሉ ግዘ ኣብ ስራሕ መዓልቲ ካብ ካሌጅ ቴክኒክን ሞያን እንዳባ ጉና ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ብምዉሳድ ንነበስወከፍ ዋጋ ዝርዝር ብምምላእ ናብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን እናዳባጉና ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ኣታዊ ክትገብሩ ትክእሉ፤

11 ጨረታ ክፍቲ ኮይኑ ዝፀንሐሉ ካብ 18/05/2011 ዓ/ም ክሳብ 04/06/ 2011 ዓም ኣብ ዘሎ ሰዓት ኮይኑ እቲ ጨረታ 04/06/2011 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓፀዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን እናዳባጉና ብግልፂ ይክፈት፤
12 ዋጋ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዘ ንተከታተልቲ 45 መዓልቲ ኮይኑ መቕረባይ ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዝተዉሃበሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ማዕልታት ፅርየት ዘለዎም ንብረት ናብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን እናዳባጉና ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ወፃኢ ኣጎዓዒዙ ኣታዊ ክገብር ዝክእል

13 ኣብዚ ጨረታ ዝሰዓረ ተጫራታይ መከበሪ ዉዕሊ 10 ሚእታዊ ዘትሕዝን ተጫረቲ እትመልእዎ ዋጋ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝሖወሰ ክከዉን አለዎ

14 እቲ ትካል ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

15 እቲ ኮሌጅ እንተኣሚንሉ ካብ ነብስ ወከፍ ኣቅሓ 20 ሚእታዊ ክዉስክ ወይ ክንኪ ይክእል እዩ

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0914-781384 / 0914-781076/107374 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል፤

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle